## መወዳእታ ዘይብሉ ናይ ህግደፍ ምትላል።

ኢ.ሰ.ዲ.መ-ዓባይ ብሪጣንያ ሚያዝያ 2004

ብዕለት 28 መጋቢት 2004 ኣብ ከተማ ለንደን ብዛዕባ ምግዛእ ብርክታት ኣብ ኤርትራ ዝምልከት ንህዝቢ ኣኼባ ተሓሲቡ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ከምቲ ዝተለምደ፡ ማሕበር ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት-ብሪታንያ ምኽሪ ንህዝብን፡ ተቓውሞ ነቲ ኣኼባን በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ትገልጽ።

ብዛዕባ ዘሕዝን ጊዜያዊ ኩነታት ኤርትራን ህዝባን ብሰፊሑ ተጻሒፉን ይጸሓፍ ስለዘሎን ኣብኡ ብዙሕ ጊዜ ከነጥፍእ ኣይንደልን። እንተኾነ ግን ብዛዕባ ምግባት ኣኮኖሚ ኤርትራ ብህግደፍን ዝተፈላለየ ናይ ምትላል ሜላታታን ንህዝቢ ምግላጽ ኣድላይ ይኸውን።

1. ቅድሚ ናጽነት፡ ኣብ ናቅፋ ኮርፐረሽን ዝበሃል ትካል ብዙሓት ሰብ ብርኪ ገንዘቦም ሓቑቑ ከምዝተረፈ ይፍለጥ።

2. ኣብ 1998 ናይ ወጻኢ ሸርፊ ዶላር ስለ ዘድለዮ መሬት ንኣባይቲ መስርሒ. ንኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝቢ ከምዝሸጠ ዝዝከር እዩ፡ ገና ካብኦም ዛጊት ብዙሓት መሬቶም ከምዘይተረከቡ ትፈልጡዶ ?

3. መንግስቲ ኤርትራ ቦንድ ምስ ሸጠ ንወነንቲ ገንዘቦም ክይመልስ ኣጽቂጡ ከምዘሎን ብዙሓት ከምዝቐበጹን ትፈልጡ'ዶ?

4. ዳግማይ ጊዜ መሬት ንኣባይቲ መስርሒ ክሸየጥ ተኣዊጁ ኣብ መስርሕ ይርከብ፡ህዝቢ ንካልኣይ ጊዜ ክዕሾ ክትርኢ ኣይገርምን'ዶ?

5. ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ጊዜ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ንመሬት ከባቢ ኣስመራ ዓድታት ብፍላይ ንምሉእ ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ ዝምልከት ዘገርም መግለጺ ሂቡ። ዘይሕጋዊ ተግባራት ክካየድ እናረኣየ ዓይኑ ዓሚቱ ጸኒሑ'ስ ሕጂ ሰብ ከፋልስ ዝኽእል መግለጺ ምውጽኡ ምስ ምንታይ ይቑጸር? ፈላሊኻ ግዛእ፡ ህዝቢ ይባላላዕ፡ናይ ስልጣን ጊዜኡ ይናዋሕ ማለት ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ትካላት ህግደፍ ዝዓብለሎ ጉልበት መንእሰያት እናመዝመዘ ዝሰርሕ፡ ሃገር ኣብ ዓዘቕቲ ድኽነት ኣእትዩ ከምዘሎ ንኹልና ብሩህ ይመስለና። ደቂ ሃገር ብናጻ ከምድላዮም ከይዋስኡ መዋሳወሲ ከሊኡ ቁጠባ ሃገር ሓኒቑ ከምዘሎ ውን ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኰይኑ ዘሎ እዩ፡ ሕጂኸ እንታይ ውሕስና ተረኺቡዩ ትካላት ህዝቢ ክውንነን ዝበሃል ዘሎ ፡ ካብ ዝሓለፈ ግዳ ዘይንማሃር ።

እዚ ናይ ሎሚ ጉስጓስ ቀንዲ ዕላማኡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ንምእካብ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል ፡ ዝኸበርኩም ኣሕዋት ክሳዕ ክንደይ ኢኹም እንዳረኣኹም ከምዘይረኣኹም እንዳሰማዕኩም ከምዘይሰማዕኩም ክትኰኑ ትደልዩ ፡ ብግዝያዊ

ረብሓ ተጠቢርኩም ተታሊክልኩም ሃገር እንዳዓነወት ክትሪኡ ክሳብ መዓስዩ ። ነዚ ሎሚ ጽባሕ ዝብል ዘሎ ስርዓት ኣሚንኩም መሳርሒ ክትኮኑ ምምራጽኩም ደሓር ከሕትተኩም ምዃኑ ኣይትረስዑ ።

በዚን ወዲ ከምዝን ምኽንያታት፣ ቅዋምን ስርዓተ ሕግን ኣብ ዘይብሉ ሃገር እንታይ ዋሕስ ኣሎ ኢዩ ብርክታት ክግዛእ ዝከኣል? ብባጀት ዘይከይድ መንግስቲ'ኸ ተኣማንነት ክሕደሮ ይክኣል'ዶ? ብእልፊ ብልሽውና ዝተበልዐት ሃገርን ኣብ ዝኾነ ጊዜ ክትነቱግ ቀሪባ ዘላን ገንዘብካ ኣብ ሓዊ ምድርባይ ማለት ኢዩ። ዳሕራይ ከኣ መን'ዩ ንሕሉፍ ተግባራት ዘይሕጋዊ መንግስቲ ብሕጊ ብዛዕባ ንብረቱ ክካታዕ ዝኽእል።

እምበኣር ህዝቢ ነዚ ከቢድ ነገራት ኣስተብሂሉ ካብ ሎሚ ንደሓር ገንዘቡ ኣኪቡ ንነብሱን ቤተሰቡን ምዕንጋል ይሕሾ። እቲ ሃገር ናብ ንቡር ተመሊሱ ሓራ ምስ ኮነን መባእታዊ ደሞክራሲ ተኣታትዩ ሰብኣዊ መሰል ኩሉ ኤርትርዊ ክኽበር ምስ ጀመረን፣ ንሃገር ዘድሊ ዓቕሚ ምውፋይ ኣይክጽግምን ኣዩ።

ሓሶት ካብ ሓቂ ይመመ
ጸብጻብ ንብረት ህዝቢ ይወሃብ
ስርዓተ ሕጊ ይንገስ

ቦርድ

ማሕበር ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደምክራስያውን መሰላት-ብሪታንያ